ሓምላይ ምንቅስቓስ ኤርትራ
ንማሕበራዊ ዕርቕን ፍትሕን ምዕቓብ ከባብን
Eritrean Green movement for Social Reconciliation, Justice and Ecological wisdom

## ናይ ፖሎቲካን ሕልናን እሱራትና፣ ንኣና ይጽበዩ።

ክንደይ ግዜ ከም ዝተኣስሩ፣ ኣበይ ከም ዝተኣስሩ፣ እንታይ ገይሮም ከም ዝተኣስሩ፣ ከመይ ገይሮም ከም ዝኣስርዎም፣ እንታይ ከም ዝምግብዎም፣ መን መን ይበሃሉ፣ ብሂወቶምዶ የለዉን፣ ኣይንፈልጥን። ሰለስተ ግዜ ኣይንፈልጥን። ከም'ዚ ዓይነት ጭቆና ኣብ ዓለምና ኣይተራእየን። ካብ ኩሉ ድማ ሰብዓ ሺሕ ዝሰዋእናላ ሃገር ከም'ዚ መዓት ይወርዳ ይኸውን ኢልና ሓንቲ ሰከንዲ ምሕሳብ ይትረፍ ኣይሓለምናን። ነዚ ግፍዒ እዚ ግን ካብ ግዜ ገድሊ ዝተቓለሱልን ዝተሰዉኡሉን ኣለዉ። መንግስቲ ጌና ከይቆመ እቶም ኣብ ርእሶምን ምንኩቦምን ተሸኪሞሞ ዝኣተዉ፣ “ፍትሒ ሎሚ” ኢሎም፣ ኣብ ቓልዕ ወጺኦም ሰላማዊ ሰልፊ ዝገበሩ፣ እቶም ተረፍ ቦንባን ጥይትን ኣብ ማይ ሓባር ዝነበሩ ኣካለ ስንኩላና፣ ብዓረብያን ብዳገፋን ክሳብ ኣስመራ ወጺኦም “መሰልናን መሰል ህዝብና ይተሓሎ” ክብሉ ቆሪጾም ዝተበገሱ ብጥይቶም ዝተለሓስዎም፣ ተማሃሮ ዩንፈርስቲ፣ መሬቶም ዝተመጠሉ ኃባር፣ ገዛውቶምን ቤት ንግዶምን ዝተሃገሩ ኩሎም እዚኦም ተኣሲሮም ኣለዉ። ንሶም ጥራይ ኣይኮኑን ስለምንታይ ትጽልዩ ተባሂሎም፣ ኣስላም ክስታን ተኣሲሮም። መራሕቲ ሃይማኖታት ዓገብ ዝበሉ ተኣሲሮም። ኣብ ዝለዓለ ስልጣን መንግስቲ ዝነበሩ ነቲ ጥፍኣት ከውሕድዎን ነባሪ ሰላም ሃሰስ ክብሉን ነቲ ተረሲዑ ዝነበረ ኣኼባታት ስለ ዝጠለቡ ተኣሲሮም። ብፍቓድ መግስትን ብዓይኒ ኣውጽእ ሰንሱርን ዝሰርሑ ዝነበሩ ጋዜጠኛታት ተኣሲሮም። ናይ ተቓውሞ ውድባት መራሕትን ኣባላትን ተኣሲሮም። ሲቪካዊ ማሕበራት ተእሲሮም። እካኣሎን ዋርሳይን ከተረፉ ተኣሲሮም ኣለዉ። ኣበይ ተኣሲሮሞም ኣለዉ እንዲዒ፣ ኣለዉዶ መይቶም እንዲዒ። ጽባሕ ድሴታትን ኀቦታትን ፋሕቲርና ሬሳታቶም ክነናዲ ኢና፣ ኣንዲዶሞም እንተዘይኮኖም።

ኣብ ቦታ፣ ስድራ ቤት፣ ኣብ ቦታ ኣዲኦምን ኣቡኦምን፣ ኣብ ቦታ ሓዳሮምን ደቆምን፣ ሓንቲ ደቒቕ ኮፍ ኢልና ነዚ ናትና ቓልሲ እንተንርእዮ እንታይ ምበልና? ነዚ ዓመጻኛ ድሕሪ ሕጅኸ ተቓዊሙ ክእሰርን ከመውትን ዘተባብዕ ቓልስዶ ንመርሕ ሓሎና ኢልና ምሓሰብና? ኣብ ሃገር ፍትሒ ከንግሱ ዝተኣስሩ ናይ ፖሎቲካን ሕልናን እሱራትኸ ብንስርሖ ስራሕት ቓልሲ ብጻይነትና ይኾርዑዶ እህልዉ? እዚ ሕቶታት እዚ ነፍሲ ወከፍ ሃገራዊ ንብሕቱ ኮይኑ ንቓልሱ ገምጊሙ ክምልሶ ዘለዎ ኢዩ።

ሃገር እምንን ሑጻን ኣይኮነን። ብቐዳምነት ዝስራዕ ህዝቢ ኢዩ። ህዝብና ድማ ኣብ ሃገር ዝነብር ይትረፍ ወላ እቲ ኣብ ስደት ኣብ ዲሞክራስያውያን ሃገራት ተዓቂቡ ዘሎ፣ ከይተረፈ እሱር ኢዩ ዘሎ። ከም'ቲ ህቡብ ስነ ጥበበኛ ኣቶ መሓመድ ዓሊ ዝደረፎ ኩሉ ብፍርሒ “ትም” ኢዩ ኢሉ ኣሎ። ነዚ ትም ከመይ ምስ ንገብር ኢና ንሰብሮ? እዚ ሒዝናዮ ዘሎና መንገዲ ንዓወት ከብጻሓና ድዩ ወይስ ዓመታት ቓልሲ ክንቆጽር፣ ክልተ ካብ ሚእቲ ዝኸፈለን ብሳጹን ሬሳኡ ንሃገር ክንሰድድ፣ እቲ ዝተረፈ ተቓዋማይ ግን ንሱን ስድራኡን ኣብ ስደት ክጭንጭን? ንኣገባብ ቓልስና ምፍታሽ ሕመቕ ኣይኮነን።

ፋሺዝም ኣብ ሓደ ሃገር ምስ ዝነግስ፣ ፍላጭ ቆራጭ ሓደ ሰብ ምስ ዝኸውን፣ ንቁጠባ ሃገርን፣ ንሓይሊ ውተሃደርን ምስ ዝቆጻጸር፣ ሃሱሳቱ ስልጣኖም ህዝቢ ምጥፋ እንበር ናይ ህዝቢ ጸገም ዘይስቆሮም ምስ ዝኾኑ፣ ክትንከፉ ከለዉ ንስደት ጥራይ ከም መፍትሒ ምስ ዝርእዩ፣ ህዝቢ ብጥሜትን ብጭቆናን ብውግእን ብማእሰርትን ምስ ዝጸንት፣ እቲ ዝተረፈ ንሃገር ምጽላእን ንስደት ከም ምፈትሒ ሽግር ክወዶ ኣብ ዝበጽሓሉን፣ ነልዕሎ ጭርሖን፣ ንምራሓሉ ኣገባብ ቓልስን፣ ኣገባብ ኣወዳድባናን ከመይ ክኸውን ኣለዎ፣ ኢልና ዋዕላን ዘተን ምቕዳምዶ ምሓሸ ወይ ሰላም ዘየሎ ሰላም እናበልካ ምእካብ? ንሕና ንኣገባብ ቓልስና ክንመርጽ መሰል የብልናን፣ ምኽንያቱ ጸላኢኻ ኢዩ ንተቓውሞ መንገዲ

ዘትሕዞ። ድሙ ጭራሓ እንተረገጽካያ፣ ከም ፍጥርቲ ንሂወታ ክተድሕን፣ ብኣፉን ብኢዳን ብእግራን ትሰሃለካ። እቲ ጭራሓ ዝረገጸ ኢዩ ተጋግዩ፣ ንሱ ድማ ኢዩ፣ ብኣፉን ብኢዳን ብእግራን ክሳብ ትከላኸል ዝገበራ። ድሙ መሰል የብላን ኣገባብ ምክልኻላ ክትውድብ። ድሙ እቲ ቃንዛ ኢዩ ዘበራብራ ዘሎ። እንበር ሰልማዊት ኢያ። ድሙ መን ረጊጺዋ ክትርእን ክተለልን ግዜን ዕድልን የብላን። እዛ ዝረገጸታ ሓብታ ድሙ እንተኾነት'ውን መልሳ ሓደ ኢዩ። እቲ ዝረገጸ ክንዲ ጎቦ ይኹን ክንዲ ጽንጽያ ካብ ጭራሓ ክተልግሶ ብዘለዋ ዓቕሚ ምቕላስ ጥራይ ኢዩ ዕድላ። ሰብ'ውን ምስ ዝዕመጽ እታ ቐዳመይቲ መንገዲ ዝወስዳ ሰላማዊ ኣገባብ ኢዩ። ንኣብነት ኣካለስኩላትና እንተወሰድና ድፋዕ ክሕዙ፣ ብረት ዓቲሮም ክትኩሱ፣ ክርኢዩ፣ ዓይኒ፣ ኩጎዩ እግሪ ዘይብሎም ኢዮም። ቆልዓ፣ ሰበይቲ፣ ኣረጋውያንን፣ ኣካለ ሰንኩላን፣ እቶም ቀዳሞት ምልክት ሰላም ኢዮ። ምኽንያቱ ጎደሎ ኣካል ስለ ዝኾነ። ፋሺዝም ግን ቆልዓ ኣይፈልጥ፣ ሰበይቲ፣ ኣረጋዊ ኣይፈጥ ስንኩል፣ ብዘይካ ዝፋን ስልጣኑ። እዚ ስለ ዝኾነ ድማ ንኣካለስንኩላትና ይኹን ንመንእሰይና ንስደት ዝሸዱ ብዘይንሕስያ ብጥይት ሊሕስዎም ይልሕሶም ኣሎን።

2010ዓም ኣብ ቅድሜና ኣሎ። ዕስራ ዓመት ዘመን ፋሺዝም ግን ድሕሬና ኣሎ። ኩሉ ገምጋሙ ክገብር ኣለዎ። ፍርዲ ግን ኣብ ቦታ ግዳይ ኮንካ ክትርኢ ከሎኻ ኢዩ ሓቐኛ ብይን ዝሸውን። ኣብ ሩሑቕን ኣብ ጡዑምን ኮንካ ፍርዲ ምሃብ ዘይካኣል እኳ እንተኾነ ንቡዙሓት ግን የጋጊ ኢዩ። ኩሉ ዜጋ ንህዝቡን ንሃገሩን ክሕለቕን ክቓለስን ክሰዋእን ግዴታ ኣለዎ። ሓደ ዜጋ ናይ ሓደ ሃገር ግዴታኡ እንተዘይገበረ ግን ሃገር ኣሎኒ፣ ካብ እዚ ህዝቢ ይውለድ ክብል መሰሉ'ውን ባዕሉ ኢዩ ዝነፍግ ዘሎ። ካብ ኩሉ ከም ናትና ዜግነት ብቓልስን ብመስዋእትን ዝመጽኤ፣ ስለ ዝኾነ፣ መጻወቲ ፋሺዝም ክሸውን ክንገድፍ ዘይሓላፍነታዊ ኢዩ። ዘይኣባታውን፣ ብታሪኽ ዘሕትትን ስለ ዝኾነ፣ ነፍስ ወከፍና ኣብ 2010ዓም፣ ንተብግሶና ኣብ ቓልሲ ብቕኑዕን ብሕልናን ንፈትሽ። ካብ ኩሉ ዘኤንገዱና ሃገራት ታሪኾም እንተንበንባ፣ ኣቦታቶም ይኹኑ ንሶም ብዙሕ ጻዕርን ሞትን ከፊሎም ንሃገሮም ልኡላውያንን ዲሞክራስያውያንን ስለ ዝገበሩ ንሕና'ውን ንደቕናን ንኣናን ኣዕቚቦምና ኣለዉ። ንሕና'ውን ንሃገርናን ንህዝብናን ንደንግጸሎም ዘይኮነ እቲ ንሕና ጽቡቕ ንገብሮ ተመሊሱ ንኣናን ንደቕናን ስለ ዝሸውን እዚ ዕድል ኣብ ሃገርና ክውለድን ክነግስን ሕድሪ ሱዉኣትና ስለ ዝኾነ ንጽዓርን ንሰዋእን።

ናይ ፖሎቲካን ሕልናን እሱራትና ኣብ ዓመት 365 መዓልታት ከም ንዝክሮም ዘጠራጥር እኳ ኣይኮነን፣ ግን ከም ናትና ቓልሲ ዝመርሕ ህዝቢ ንእሱራቱ፣ ኣብ ጎደናታት ወጺኡ ንዓለም ኡይ ክብልን፣ ኣብ ቤተክርስትያንን ምስግድን ኣትዩ ክጽልየሎም፣ ኣብ ገዛኡ ንበይኑ ኮይኑ ይኹን ሽምዓ ወሊዑ ክዝክሮም፣ ሓደ ሓይል ባህሊ፣ "ሎሚ ንስኹም ብርሃን ክትርእዩ፣ ጽባሕ ድማ ሃገርና ፍትሓዊት ኮይና ብምኽንያት ርእይቶ ፍጹም ደቓ ኣይክትኣስርን ኢያ" ዝብል ጭርሖ ሒዝና፣ ብሓደ ቓል ኣብ ሓደ ዕለት ንጽልየላን ንሓብረላን ብጻይነትና ነረጋግጸላን ክትህሉ ደስ ምበለና። ነዚ ርእይቶና ድማ ነተን ኣብ ኪዳን ዝርከባ ውድባት ጥርኑፋትን ተሓለቕቲ ሽግር ኤርትራን ስለ ዝኾና ነሰን ከበግስኦ ከምኡ'ውን ኣብኡ ዘይፈረማ ውድባትን ሲቪክን ክተሓባበርኦ ንጽውዕ። እዚኣ እታ ዝነኣሰት፣ እንተኾነ ፍቕርን ተስፋን እምነትን ትህብ፣ ኣገባብ፣ ንእሱራትናን ንስድራኦምን ስለ ዝኾነት ሃየ ኢደይ ኢድካ ንበል። ናይ ወጹዓት ቓልሲ ናይ ግድን ኢዩ ክዕወት።

*ኣምላኽ ንቓልስና ይሓግዘና፣ ንሃገርና ይባርኻ።*

*ርሑስ በዓል ዒድ ኣድሓን፣ ልደትን፣ ሓዲስ ዓመትን ይግብረልና፣*
*ንኡሱራትና ጽንዓትን ጥዕናን ቅልጡፍ ሓርነትን የውርደሎም። ኣሜን።*

***በዚ ኣድራሻ ተራኸቡና።*** *Greeneritreans@gmail.com*
*ግ.ኣ.ሽ ሓምላይ ምንቕስቓስ ኤርትራ፣ 18/12/2009*